# ዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እነካይደሉ ግዜ፡ ኩልና ዕዉታት ንኸውን

**ንመጠቕለሊ ወይ ጋዜጣ ንዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እትእክብሉ ኩሉ ግዜ፡ ናይቲ ክኸውን ዘለዎ ዓቢ ነገር መጀመርታኡ እዩ።**

ናይ ቀደም መኽደኒ (ባሊቃ) ጥርሙዝ፡ ንኣካላት ማካይን ናብ ዝኸውን ሓድሽ ቀጸላ ሜታል (ዚንጐ) ክቕየር ይኽእል እዩ። ጥርሑ ባኮ መሕጸቢ ሳሙና፡ ንኣብነት ሓድሽ ካርቶን ፒሳ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ትማሊ ጋዜጣ፡ ቀንዲ ዜናታት ዝሓዘ ናይ ጽባሕ ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንጥረ-ነገራት ተፈጥሮ፡ ዳግማይ ኣብ ኣገልግሎት ከምዝውዕል ብምግባር፡ ብዙሕ ጸዓት ከምዝዕቀብ ይኸውን። ከምዚ ብምግባር፡ እንቕመጠላ ዝበለጸት ዓለም ንኽንፈጥር ኩልና ንሕግዝ ኣሎና።

## ዳግመ-ምምስራሕ

ተረፍ መረፍ ዓሓፍ መግቢ ባዮ ጋዝን ባዮ መዳበርያን ኮይኑ እንደገና ክስራሕ ከሎ፣ እቲ ተረፍ መረፍ ዝግታ ከኣ ኤለትሪክን ሙቐትን ይኸውን። ሓድሽ መጠቕለሊታት ወይ ሓድሽ ፍርያት ንምፍራይ ተባሂሉ ዳግመ-ምምስራሕ ንኽካየደሉ፡ እተኣከበ መጠቕለሊታትን ጋዜጣታትን ይወሰድ። ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታት፡ ንኣብነት ናይ ፕላስቲክ መገዓዓዚ ሳንጣታትን ዳግም እተመስርሔ መትሓዚታትን ንምሕጻብ ዜገልግል ማተርያላዊ እትዋት ክኸውን ይኽእል። ናይ ቬትሮ መትሓዚታትን ናይ ወረቐት መጠቕለሊታትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ካልእ ዓይነት መጠቕለሊታት ይኸውን። ብሓጺን ዝተሰርሐ መዐሸጊ ዳግም ብምስራሕ መንኰርኰር ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ዝተነበቡ ጋዜጣታት ድማ ልስሉስ መሓበሲ ናይ ክሽነ ወረቐት ወይ ሓድሽ ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል።

## ኣከባብያዊ ክፍልታትን ማእከላት ዳግመ-ምጥቃምን

ጎሓፍ መግብን ተረፍ ጎሓፍን ኣብ ፍሉይ ሳንጣታት ኣብ እትነብረሉ ከባቢ ኣብ ዝርከብ መደበር-ዳግመ መጠቀሚ ዚግበረሉ ማእከላት ክድርበ ኣለዎ። ኣብ እትነብረሉ ቦታ ኣቑሑ መዐሸጊ ወይ ጋዜጣታት ክትገድፎ እንተዘይ ኪኢልካ ኣብ ሰብ ኣልቦ ዝርከብ ማእከላት ዳግመ-ምጥቃም ክትገደፎ ይግባእ። ንኹሉ ዓይነት መዐሸጊ ዚኸውን ኮንተይነራት ኣሎ ፣ እዚ ኸኣ ንፕላስቲክ ንወረቐት ንሓጺንን ጥርሙዝን ከምኡውን መብዛሕትኡ ግዜ ንጋዜጣታት እዩ ። ኣብቲ እትነብረሉ ዝርከብ መደበር-ዳግመ መጠቀሚ ሳንጣታት ዘይሰማማዕ ገዘፍቲ ወይ ዓበይቲ ጥቕላላት ኣብ መደበራት ዳግመ-ምጥቃም  ወይ ዑደት ኣብ ዚካየደሉ ማእከላት ክግደፉ ይኽእሉ።

## ዝያዳ ሓበሬታ

ኣብ  **www.sopor.nu** ኣብ ጥቓኹም ዘሎ መደበር ዳግመ-ምምስራሕ ኣበይ ከምዝርከብ ክትፈልጡን እቲ ረስሓት ከምእተጓሕፈን ከምዝጸረይን ከተረጋግጹን ትኽእሉ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ምፍላይ ጓሓፍ ዝምልከት መምርሒታት ሓበሬታን ፣ ፊልምታትን ኣብ ቦታ ዳግመ-ምጥቃም ኣለዉ።

ብዛዕባ ጎሓፍን ዳግመ-ምጥቃምን ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ንምምሕዳር ከተማኻ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ዕብይ ዝበለ ጎሓፍ፣ ድኹዒ፣ ካልእ ጎሓፍን ዝምልከት ዝተፈላልለዩ  ሕቶታት እውን ክምልሱ ይኽእሉ እዮም።

amaq ANEBY MILJÖ & VATTEN AB | EKSJÖ ENERGI | NÄSSJÖ AFFÄRSVERK | sopor.nu Sveriges avfallsportal

# ፈላሊኹም ጕሓፉ

**ብዝተኻእለ መጠን ንብዙሕ ጕሓፍ ዳግም ከነመስርሖ መታን ኽንክእል፡ ናትኩም ሓገዝ የድልየና እዩ።**

- ዝተፈላለየ ዓይነት ጎሓፍ ኣይትሓዋውስ።
- ናይ መግቢ ጎሓፍ ኣብቲ ንዕኡ ኢሉ ዝተዳለወ ፍሉይ ሳንጣ ጥራይ እዩ ክኣቱ ዘለዎ።
- ተረፍ ጎሓፍ ብጽኑዕ ኣብ ዝተኣስረ ቦርሳ ክቕመጥ ኣለዎ።
- መጠቕለሊታት፡ ምሉእ ብምሉእ ጥርሑ ኽትገብርዎን ከተንቅጽዎን ይግባእ። ካብ ሓደ ዓይነት ንላዕሊ ነገር እተዳለወ መጠቕለሊ ምስዝህልወኩም፡ በቲ ዝበዝሐ ክፋሉ እተዳለወሉ ዓይነት ንጥረ-ነገር ርኢኹም ፈሊኹም ጕሓፍዎ።

**ጓሓፍ ናይ መግቢ**

✓ ቁርጽራጽ ፍረታትን ኣሕምልትን፡ ናይ ዝእለኽ ቆጽሊ ሻሂ መትሓዚ ዳካ ናይ ቡን፡ ቅርፊት እንቋቑሖ፡ ኣዕጽምቲ ስጋን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለን እዩ። ነኣሽቱ ናይ ክሽነ ወረቐት እውን የጠቓልል።

✗ ፕላስቲክ፡ ትምባኾ፡ ሽጋራ፡ ዕምባባታትን ሽምዓን ከም ናይ መግቢ ተረፍ መረፍ ጓሓፍ ኣይቁጸሩን።

**ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ**

✓ ንኣብነት፥ ናይ ፕላስቲክ ጥርሙዝ፡ ታኒካታት፡ ናይ ፕላስቲክ ሳንጣታት፡ ዝምላእ መዐሸጊ፡ ናይ ፕላስቲክ ብልቃጥ፡ ቆራዕራዕ ዝብል መትሓዚታትን ስትርዮፎምን። ንመወተፊታትን መኽደንን እለይዎ። እተፈላለየ ዓይነታት ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ ንዘለዎ ሳንጣኹም፡ ኣብ ነፍስወከፉ ኽጉሓፈሉ ዘለዎ ፍሉይ መትሓዚታት ጕሓፍዎ። እዚ፡ ነቲ ድሕሩ ዝካየድ ክፋል ዳግመ-ምምስራሕ የቕልሎ።

✗ መጠቕለሊታት ዘይኮነ ካልእ ናይ ፕላስቲክ ፍርያት፡ ንኣብነት ኣቑሑ ገዛን ባምቡላታትን ዝኾነ ጕሓፍ፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጕሓፍ ተፈልዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።

**ናይ ሜታል መትሓዚ**

✓ መትሓዚ ታኒካታት፡ ጥርሑ መንጸጊ ታኒካታት፡ መወተፊ ጥርሙዛት፡ መኽደኒታትን ጥርሑ ናይ ቀለም ታኒካታትን። ንበላሕቲ መኽደናት ኣብ መትሓዚ ታኒካታት ኣእትውዎ።

✗ ተረፍ ቀለም ወይ መጣበቒ (ኮላ) ዘለዎ ታኒካታት፡ ከም ሓደገኛ ጕሓፍ ተወሲዱ ኽፍላለ ይግባእ። ናይ ሜታል ጕሓፍ፡ ክፋላት ሻምብቆታት፡ መብሰሊ ባዴላታትን ዘይተሸፈነ ካልእ ፍርያታትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጕሓፍ ተቐጺሩ ተፈላሊዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ታኒካታት፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።

**ናይ ወረቐት መጠቕለሊ**

✓ ባኮ ፓስታ፡ ካርቶናት ጸባን ጽማቑን፡ ናይ ወረቐት ሳንጣታት፡ ሳጹን ሳእኒ፡ ቱቦ መጠቕለሊ ወረቐት ንጽሕና ከምኡውን ብካርቱን እተሰርሐ ሳጹናት። ሰጥ ኣቢልኩም፡ ኣብ ክልተ ዕጸፍዎ። ቦታ ንምዕቃብ ድማ ነቲ ንኣሽቱ መጠቕለሊ ኣብ ውሽጢ ዓቢ መጠቕለሊ ኣእትውዎ።

✗ ጶስጣታት፡ ከም ጕሓፍ ገዛ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጕሓፍ ተቖጺሩ ከምዝፍለ ክኸውን ይግባእ። ጋዜጣታት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐትን ከምኡ ዝኣመሰለን፡ ኣብቲ ንጋዜጣታት ንምጕሓፍ እተዳለወ መትሓዚ ከምዝዋህለል ክኸውን ይግባእ።

**ጋዜጣታት**

✓ መዓልታውን ሰሙናውን ጋዜጣታት፡ መጽሔታት፡ ካታሎጋት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐት፡ መዘክርታትን መጽሓፊ/ናይ ስእሊ ወረቐት። ነቲ ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታትን ተጣባቒ መዋዕውዒታትን እለይዎ።

✗ ጶስጣታትን እተጠርነፈ መጽሓፍትን፡ ከም ናይ ገዛ ጕሓፍ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጕሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ይጉሓፍ። ናይ ወረቐት ሳንጣታት፡ ካርቶናትን ንዕኡ ዝመሳሰል ነገራትን፡ ናይ ወረቐት መጠቕለሊ ንኽጉሓፈሉ ኣብ እተዳለወሉ መትሓዚ ከምዝውህለል ኽግበር ይግባእ።

**ዘይሕብራዊ ናይ ጥርሙስ መትሓዚ**

✓ ሕብራዊ ወይ ዘይሕብራዊ ናይ ቬትሮ ጠራሙዛትን ብልቃጣትን። መወተፊ፡ መኽደንን ባሊቃታትን ብምእላይ፡ ኣብቲ መጕሓፊኡ ተፈላሊዩ ከምዝጕሓፍ ክኸውን ይግባእ። ንሕብራውን ዘይሕብራውን ናይ ቬትሮ መትሓዚ፡ ኣብቲ ኽጉሓፈሉ ዘለዎ መትሓዚ ከምዝጕሓፍ ግበሩ።

✗ ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ። ዝበሰለ ካይላ፡ ሰራሚክስን መትሓዚ ኣብ ዘይብሉ ካልእ ፍርያትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጕሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ፈኲስ ኣምፑላትን ሻምብቆ መብራህትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብቲ እትቕመጥሉ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘለውዎ ማእከል ዳግመ-ምምስራሕ ክውሰድ ይግባእ።

**ተረፍ መረፍ ጓሓፍ**

✓ ጨርቂ ቆልዑት ፓምፐርስ፡ ቡስጣ ወይ ሰታሪት፡ መሕጸቢ ኣቕሑት ኣስፕኞ፡ ትምባኾ፡ መሕጸቢ ስኒ ብራሽን ጸጉሪ ኣብ መሕጸቢ ስኒ ዘሎን።

✗ ዳግማይ ክምስራሕ ዝኽእል ነገር ኣብቲ ስሩዕ ጎሓፍ ክኣቱ የብሉን! ሓደገኛ ዝኾኑ ጎሓፍን ኤለክትሪካዊ ጓሓፍን ኣብ ቦርሳ ጎሓፍ ክኣቱ የብሉን፤ ናብ ማእከል ዳግመ-ምጥቃም ክትወስዶ ይግባእ።

## የቐንየልና

amaq ANEBY MILJÖ & VATTEN AB
EKSJÖ ENERGI
NÄSSJÖ AFFÄRSVERK
sopor.nu Sveriges avfallsportal